# ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ሰራሕተኛታት ምፍዳይ-ሕነ ዝእግድ ሕጊ

**ንስኻ/ኺ ብሕጊ መሰል ኣለካ። ቤት-ጽሕፈት ኮምሽነር ዕዮ ከኣ ክሕግዝ ይኽእልዩ።**

## እቲ ምፍዳይ-ሕነ እንታይ ኢዩ?

ነቲ ብመሰረት ሕጊ ካሊፎርኒያ ዝተዋህበካ መሰላት ዕዮ ብምጥቃምካ፡ እንተድኣ ኣብ ልዕለኻ ካብ ስራሕ ናይ ምስጓግ ወይ ትኽፈሎን ትሰርሖን ሰዓታት ጎዲሉ፡ ኣብ ርእስኻ ምፍዳይ-ሕነ ተፈጺሙ ይበሃል። እዚ ምፍዳይ-ሕነ ድማ ዘይሕጋዊ ኢዩ። ብተወሳኺ ኣስራሒካ ንሕጊ ካሊፎርኒያ ብምጥቃምካ፡ ንሰበስልጣን ኢሚግሬሽን እንተድኣ ጠቂሙካ፡ እዚ’ውን ዘይሕጋዊ ተግባር ኢዩ። ወረቐት ኢሚግሬሽናም ብዘየገድስ፡ ኩላቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ካሊፎርኒያ ብሕጊ ዕዮ መሰሎም ሕሉው ኮይኑ፡ እዚ ድማ ዋላ ካብ ምፍዳይ-ሕነ ንምክልኻል ዝምልከት ሕጊ ዘጠቓልል ኢዩ። እዚ ድማ መሰልካን ድሕንትካን ኮይኑ ኣብዚ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ክቕጽል ኢዩ።

እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ምፍዳይ-ሕነ ብመሰረት ሕጊ ካሊፎርኒያ ዝተኸልከሉ ኢዮም።

- ብዛዕባ ኩነታትን ዘይተኸፍለ ክፍሊትን ደሞዝ ምዝራብ
- ኣብ ዘይውሑስ ስራሕ ካብ ምስራሕ ምእባይ
- ዘይውሑስ ቦታ ስራሕ ወይ ምግሃስ ሕጊ ዕዮ
- ናይ ዘይተኸፍለ ደሞዝ ካሕሳ ምሕታት
- ኣስራሒኺ ንጥሕሰት ሕጊ ኣብ ዝምልከት ምርመራ ምትሕብባር

## ኣስራሕየይ ሰዓታት ስርሐይ እንተኣጉዲሉዎ ወይ እንተሰጕጉኒ ወይ ንሰበስልጣን ኢሚግሬሽን ክጥቁመኒ እንተኣፈራሪሑኒ’ኸ?

እንተድኣ ኣስራሒኻ ቀጺዑካ፡ ናብ ስራሕ ክመልሰካ፡ ዘጥፋእካዮ ደሞዝ ክኸፍለካን ወይ መቕጻዕቲ ክኸፍልን ይኽእል

## ኣንጻር ምፍዳይ-ሕነ ብኸመይ ነመልክት:

ቤት-ጽሕፈት ኮሚሽነር ዕዮ ብዛዕባ ጉዳይ ኢሚግሬሽን ወረቐትካ ኣይሓትትን ኢዩ ከምኡ ድማ ንኢሚግሬሽን ዝምልከት ንዝኾነ በዓል-ስልጣን ኣይህብን ኢዩ

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ dir.ca.gov/dlse/dlseRetaliation.html

ብኣካል ኣብ ዝኾነ ዝቐረበ ቤት-ጽሕፈት ኮሚሽነር ዕዮ dir.ca.gov/dlse/districtoffices.htm

ቴሌፎን 833-526-4636

ኢመይል- retaliation@dir.ca.gov

### ካብ ምፍዳይ-ሕነ ንነብስኻ ክትከላኸለሉ ትኽእል መንገዲ

**ሰነድ**

- ለውጥታት ኣብ ኩነታት ዕዮ
- ዝርዝራት ናይ ስግኣታት
- ርኽክባት ኣብ ሞንጎኻን መንጎ ኣስራሕን

**እዞም ዝስዕቡ ኣለልይ**

- ርእዩ ወይ ሰሚዑ ዝምስክር ምስክርነት

**ብድሕሪኡ ፋይል ክሲ ክፈት**

- ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ምፍዳይ-ሕነ ካብ ዝተገብረሉ
- ሰነዳት ወይ ሓበሬታ ናብ ቤት-ጽሕፈት ኮሚሽነር ዕዮ ኣመልክት
- ዝኾነ ሓገዝ ወይ ሓበሬታ ምስ እትደሊ ደውል ወይ ኢመይል ጸሓፍ

SAFER AT WORK
CALIFORNIA ALL
saferatwork.ca.gov